# መስትያት

# ኦሮማይ!!
# ኢሳያስ ንስደቱ፣ ህግደፍ ንጥፍኣቱ።

ክቡራን ኤርትራውያን ዜጋታት ኣብ ውሽጥን ወጻእን እትርከቡ፣ ንሕና ግንባር ምንቅስቓስ ህዝቢ ኤርትራ፣ በዛ መስትያት እትብል ወግዓዊት ልሳንና፣ ህሉው ኩነታት ሃገርናን ህዝብናን ክንሕብር ከም ዝጸናሕና፣ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነታት ጌና ቀለሙ ዘይሀሰሰ ሓቂ ኢዩ። ሎሚ ድማ እንሆ ኩነታት ኤርትራን ከባቢኣን፣ እንታይ ይመስልን ናበይ የምርሕን ከም ዘሎን፣ ጋንታ ህግደፍ ኣብታ ናይ መወዳእታ ዝጣልዑላ ካርታ ምጥቃም በጺሑም ይስሓጉ ከም ዘለዉን፣ ንህዝቢ ንሕብር። ነዚ ቀጺሉ ዝስዕብ ሓበሬታት ናይ ህሉው ኩነታት ሃገርን ህዝብን፣ ንኩሉ ግዱስ ዜጋ፣ ብዕምቈት ንክከታተሎን ንምሕጻን።

## ኲናት ኣንጻር ኢትዮጲያ

ኦ! ክቡራን ዜጋታት፣ ጋንታ ህግደፍ ኣብ ዝሓለፈ ከምዝሓበርናዮ፣ ኲናት ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ከፊቱ፣ ንህዝብና ኣብዘየድሊ ኲናት ደቅዲቑ፣ ኣደዳ ሞትን ስደትን፣ ንሃገርና ከዓ ናይ ስቓይን ዕንወትን መደበር ገይሩዋ ይርከብ። ሕጂ ከዓ ከም መቀጸልታ ናይ'ዚ ኣዕናዊ ጸረ ሰላም ፖሊሲኡ፣ ብመንገዲ ተቓወምቲ ጊዜያዊ መንግስቲ ሶማል ጌሩ፣ ቀጥታዊ ኲናት ምስ መንግስቲ ኢትዮጲያ ይገጥም ኣሎ። እዚ ከዓ በቶም ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርኸቡ፣ ናይ ስደት መንግስቲ ሶማል ኣዊጆም ዘለዉ ሰለስተ ወከልቲ ናይ ሶማላውያን ጌሩ ይትግብሮ ኣሎ። ናይዚ ርትዓዊ መግለጺ ድማ፣ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ብናይ ኣቦመምበር ህግደፍ ትእዛዝ መሰረት “እቶም ናይ ሕቡራት አፍርቓ ወተሃደራት (AU) ከምኡ እውን ሰራዊት ኢትዮጵያን ብህጹጽ ካብ መሬት ሶማል ክወጹ” ዝብል፣ ብረድዮን ብተለቪጅንን ናይ ስደት መንግስቲ ሶማል ዝተኣወጀ፣ ህያው ኣብነት ኢዩ።

ስለምንታይ ነዚ ሕሱር ተግባራት ክገብር መሪጹ ግን፣ ከምቲ ዝብሃል “ብጉዳይ ሶማላውያን ሓልዩን ተገዲሱን” ዘይኾነስ እንታይ ድኣ፣ እቲ ስሱዕ ባህሪ ንምርዋይ፣ ነቲ ካብ ሃገራት አዕራብን ኢራንን ካልኦት ናይ ኣክረርቲ ኣስላም ተደናገጽቲ ንዝመጽእ ሓገዝ ንምርካብ ዝዓለመ ኢዩ። እዚ ብስምን ክብሪን ኤርትራ ምጥላዕ ምዃኑ ብሩህ ኢዩ።

ጉዳይ ሶማል ናይ ሶማላውያን ዉሽጣዊ ጉዳይ ጥራሕ እምበር፣ ጉዳይ ኤርትራን ህዝባን አይኮነን። ስለዝኾነ ከዓ፣ እዚ ኣብ ሶማል ተከፊቱ ዘሎ ውግእ፣ ንረብሓን መክሰብን ጋንታ ህግደፍ ዝውክልን ዘገልግልን ድአ እምበር፣ ንዓና ንኤርትራውያን ዝምልኸት ከም ዘይኾነ፣ ንኩሉ ግዱስ ብሃገሩን ህዝቡን፣ ከምኡ እውን ንደላይ ሰላምን ምርግጋእን ምብራቕ አፍሪቓ ዝምነን ዝደልን ኩሉ ናይዚ ከባቢ ህዝብን መንግስታትን ንሕብር።

## *ኩናት ኣንጽር ሕቡራት መንግስታት*

*ጋንታ ህግደፍ ብጉዳይ ዳርፉር እውን እንተኾነ ቀጥታዊ ውግእ ምስ ሕቡራት መንግስታት ዓለም (UN) ከምዝአጀወ፡ ሕጂ እውን ደጊምና ነፍልጥ። ናይዚ ኣብነታዊ መግለጺ ድማ፡ ነቶም ኣብ ንጹሕ ህዝቢ ዳርፉር ህልቂት ዝፈጸሙ፡ ናይ ሚሊሽያ ሓላፊን ወተሃደራዊ ኣዛዝን ዳርፉር፡ ብዓለምለካዊ ሕጊ ብህይወት ናይ 1.2 ሚልዮን ዳርፉራውያን ተከሲሶም ንሕቡራት መንግስታት ዓለም ተዋሂቦም፡ ኣብ ሄግ (Haig) ንፍርዲ ንክቐርቡ ንመንግስቲ ሱዳን ሕቶ ኣብ ዝቐረበላ እዋን፡ አቦ መንበር ህግደፍ ኣብዚ ዝሓለፈ ሰሙን ንሱዳን ኣብ ዝገበሮ መገሻኡ፡ ንመንግስቲ ሱዳን ወይለኹም ከይተረክብዎም! ዓለም እንታይ ይምልከታ፡ ብዝብል ታህዲድ ንፕረሲደንት ዑመር በሺር አጠንቂቑ ተመልሰ። እቲ ዘገርም ድማ፡ መንግስቲ ሱዳን ነቲ ናይ ሕቡራት መንግስታት ሕቶ ነጺጋ፡ ነቲ ናይ አቦ መንበር ህግደፍ አብ ግብሪ አውዒላ ትርከብ። ቀጺሉ'ዉን እቲ ደረቀኛ አቦ መንበር ህግደፍ ኣብ ናይ ሱዳን ፓርላማ ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ "ጉዳይ ዳርፉር ዝፍታሕ፡ ብምትእትታው ናይ ዓቃብ ሰላም ሕቡራት መንግስታት ዓለምን ወተሃደራት ሕቡራት ሃገራት አፍሪቃን ዘይኾነስ፡ እንታይ ድአ ብናይ ሊብያን ናይ ኤርትራን ሰራዊት ጥራሕ ኢዩ ክፍታሕ ዝኽእል" ክብል መስደመም መደረኡ አስምዔ። እዚ ምስቲ ቅድሚ ሕጂ ገሊጽናዮ ዝነበርና ምእታው ትካላት አቦመንበር ህግደፍን ኣብ ደቡብ ሱዳን ዝተአሳሰረ ምኽኑ ንኹሉ ክበርሃሉ ይግባእ።*

## *ዕቋር ቦርሳ ህግደፍ*

ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝበጽሓናዮ ሓበሬታ ከምዝሕብሮ፡ ህግደፍ ኣብ 1995 ኣብ ስዊዝ ባንኪ $6,000,000,000 ሽዱሽተ ቢሊዮን ዶላር ናይ ኣመሪካ ኣቀሚጡ ከምዝነበረ ኢዩ። እዚ ገንዘብ'ዚ፡ ኣብቲ ኤርትራ ናታ ሃገራዊ ባጤራ ዘውጸትሉ እዋን፡ ኣብ ናይ ዓለምለኸ ባንኪ ከም ትሕጃ ከምዝተወሰደዉን ተረጋጊጹ ኣሎ።

እዚ ሓቀዚ ንምእማኑ ንቡዙሓት ዜጋታትና ከምዘጸግም ብሩህ እኳ እንተኾነ፡ ንቡዙሓት ግን ንኩነታት ኤርትራ ንድሕሪት ተመሊሶም፡ ኩነታት ቁጠባ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ምምርማር፡ ኣብ ከቢድ ሓሳብ ከምዝጥሕሉ ጥርጥር የብልናን። እዚ ኩሉ ገንዘብ ካብ ህዝብን ተጋደልትን ተኸዊሉ ኣብ ሕቡእ ባንኪ ንምንታይ ተቀሚጡ ኣገዳሲን ቀንድን ሕቶ ኮይኑ፡ ኣብ ምንታይ እዋን እዚ ገንዘብ ክክወል ተደሊዩ ግን፡ ንኩሉና ዘስደምም ኢዩ።
ተዘክሮና ንምሕዳስ ኣብ መጀመሪያ ተስዓታት፡ ንተጋደልቲ "ሃገር ገንዘብ የብላን ንክልተ ዓመት ብዘይ ደሞዝ ኣገልግሉ" ከምዘይተባህለ፡ ሲዒቡ ብዘየርብሕ ገንዘብ ምጥያስ ተጋደልቲ ከምዘይተገብረ፡ ንስንኩላን ኩናት ሓርነት ኣብ ከዉሊ ኣቀሚጥካ፡ ብናብራ ኣማሪርኩም ተባሂሎም ብጥዪት ከምዘይተመልዓሱ፡ ደበስ ንስድራ ስዉኣት ካብ 10,000 ዶላር ናብ 10,000 ብር ከምዘይወረደ፡ ምስ ኩሉ ዘይፍትሓዊ ኣካፋፍልኡ፡ ከምኡዉን በቲ ዕረ ዝመልሓሱ ኣቦ መንበር ህግደፍ፡ ካልእ ይግብኦም ክንሱ፡ ኣብ መድረኽ ወጺኡ "ንሕና ንስድራ ስዉኣት ቀዳም ቀዳም በጊዕ ክንሓርደሎም ኣይኮናን" ምባሉን፡ ዝዘክተሙን ዘስተማሰሉን ደቂ ስዉኣትን፡ ናብራ ዕረ ዝጥዓመን መብዛሕቲኤን ደቂንስትዮ ተጋደልትን፡ ጥሮታ ዘይብሎም ዝተጸልጸሉ ዓበይትን፡ (ዉሕስነት) ጥሮታ ዝይህልዎም ተጋደልትን፡ ካልእ ጸብጺብካ ዘይዉዳእ ሕሰምን መከራን ህዝብና ብሓፈሻ ሪኢካ፡ "ኣብ ወጻኢ ሃገር፡ ኣብ ሕቡእ ባንኪ፡ 7 ክሳብ 10 ዕጽፊ ባጀት መንግስቲ ኤርትራ ዝኣክል ገንዘብ ተኸዊሉ ተቀሚጡ'ሎ"፡ እንታይ ዓይነት መግለጺ ክርከቦ ይክእል??????????

እዚ ኣብ ዉሽጢ ሃገር ከይኣክሎ፣ ኣብ ወጻኢ ድማ 2%፣ ንደቂ ስዉኣት፣....ወዘተ ክትከፍሉ ኣለኩም! እንተዘይከፌልኩም ወይለኩም? እናተባህለ፣ ክሳብ ሎሚ ገንዘብ ይሽማጥጥ ኣሎ። ስስዐ ዓይነት ክህልዎ ይክእል እዩ። ብፍላይ ስልጣን ምብሓትን ሃብቲ ምዉናንን፣ ሃብታም'ዉን በቃ'ቕ ኣሎ። ይኩን እምበር ሓልዮት ህዝቢ ንጎድኒ ገዲፍና፣ ክንድዚ ዝኣክል ገንዘብ ከዊሉ፣ ሰፍኢ ኣዉጺኡ ዝልምን መንግስቲ ግን፣ ብታሪክ ሪኢናን ሰሚዕናን ኣይንፌልጥን!!!!

 ስለዚ ህዝቢ ኤርትራ ክሓቶ ዘለዎን ሕቶ፣ እዚ ኩሉ ገንዘብ እንኮላይ እቲ ናይ ኩሉ ኣብ ናይ ናጽነት ዓመታት ብቀይሕ ባሕሪ ኮርፖሬሺን(09) ዝተሰርሔ ሕሳብ ኣበይ ከምዝኣተወ ብዕቱብ ክከታተልን መልሲ ክረክብን ይግባእ!!!

## ወፍሪ ግሎባላይዜሽን (ቅዲ ህግደፍ)

ኣቦ መንበር ህግደፍ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጎብለል ንምኳን ዘለዎ ጥምሖት ኣብ ግብሪ ንምዉዓል ብዙሕ ፈቲኑ ኢዩ። እዚ ፈተነታት ካብ ዲፕሎማስያዊ ጸይቂ ክሳብ ዲ'ቕ ዝበለ ወትሃደራዊ ዕንደራታት ፈጺሙን ይፍጽምን ኣሎ። ዉጺኢቱን መጻኢ ሳዕቤኑን ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ከቢድ ኮይኑ፣ እዚ ሕጂ ዝክተሎ ዘሎ ፖሊሲ ግን፣ ምስ ረብሓ ምዕ ራባውያን ሃገራት ብሓፈሻ ምስ መንግስቲ ኣመሪካ ከዓ ብፍላይ ኣብ ረጽሚ ስለዘእተዎ፣ ሕጂ ኣንፈቱ ቀይሩ ናብ ቻይና ገጹ የምርሕ ኣሎ።

ቻይና ኣብ ኣፍሪቃ ዓቢ ናይ ንግዲ ንጥፈታት ከተካይድ ጸኒሓ ኢላ። ኣቦመንበር ህግደፍ ከዓ ሽርክነት ምስ ኩባኒያታት ቻይና ብምእታው፣ ፍርያት ቻይና ኣብ ኣፍሪቃ ምዝርጋሕን ዉሕስነት ቻይና ተጠቂምካ፣ ካብ ናይ ምዕራባዊያን ራዳርን ተጻብኦን ተከዊልካ፣ ናይ ቁጠባ ጎብለል ናይ ኣፍሪቃ ንምኳን ሓዲሽ ስትራቴጂ ሃንዲሱ ይርከብ።

 ስለዚ እዚ ሓዲሽ ዝምድና ምስ መንግስቲ ቻይና ክንዩ'ቲ ንቡር ክልቲኣዊ ናይ ቁጠባ ዝምድና ሃገራት (ኤርትራን ቻይናን) ዝከይድ ኢዩ። ስለዚ ኢዩ ከዓ ኣቦመምበር ህግደፍ ኣብ ዝሓለፈ ክፍላ ወርሒ ሚያዝያ ኣብ ሃገራት ርሑ'ቕ እስያ ( ሲንጋፖርን ማለዝያን) ናይ ሰለስተ መዓልታት ስዉር ዑደቱ ፈጺሙ ዝተመልሰ። ነዚ ክብ ኢሉ ዝተጠቕሰ ናይ ሽቀጥ ትልሚ ንምትግባር ከዓ፣ ብናይ ኣመሪካ ዶላር (1.600.000.000) ማለት 1.6 ቢልዮን ካብቲ ሕቡእን ባንኪ ገንዘብ ከምዘንቐሳቐሰ ተፈሊጡ ኣሎ። ነዚ ወፍሪ ዘተግበሮ ድማ ምስ ውሕስና ይኾናኒ ዝበለን ዝተፈላለያ ናይ ኣጭር'ቕትን እንዳ ኣሳእንን ኮስመቲክ ፋብሪካታት ቻይና፣ ብር'ኽት ዝበለ ውዑላት ተፈራሪሙ ኣሎ። ናይዚ ዕዳጋ መደበራት ድማ፣ ኣብ ኵላተን ሃገራት ማእከላይ ምብራ'ቕን ሃገራት ኣፍሪቃን ኽኸውን እንከሎ፣ ናይዚ እኩይ ንግዲ መሳርሒ ዝ'ኾንዎ፣ ኤርትራውያን ነጋዶ ኣዋፊሩ ዘሎ። ኣብዚ 53 ነጋዶ ኤርትራውያን ዜጋታት ንትካላቱ የካይድሉን ይሰርሑ ዘለዉ፣ ዕላዊ ዝተፈላለየ ፓስፖርት ኤርትራ ከም ዘለዎምዉን ተሓቢርና ኣለና።

ካብዚኣቶም ብዝሓለፈ እዋን፣ ኣብ ውሽጢ ሃገር ከሲሮም ተባሂሎም፣ ብዕላዊ መንገዲ ካብ ሃገር ዝወጹ ነጋዶ፣ ገሊኦም ካብ ነዊሕ እዋን ኣብ ሕቡእ ዕላማ ኣቦ መንበር ህግደፍ ጥሒሎም ዝተዋፈሩ ገጋዶ ኮይኖም፣ ሎሚ ኣብ ኣንጎላ ይርከቡ። እዚ'ቶም ከዓ ብሓላፍነት ተስፋሚካኤል ገራህቱ፣ ኣምባሳደር ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝእለዩ፣ ነቲ ናይ ጨርቃ ጨርቂ ኰነ ኣሳእንን ኮስመቲክስን ናይ ሩዝን ትካላቱን ንግዱን ዘዋፍሩ፣ ሓደ ካብቶም ፍሉጣት ንምጥቃስ ዝኣ'ኽል፣ ከም ብዓል ኣቶ ሰመረ ዝተባህለ ዝርከብዎም ኢዮም። እታ ናይ መናሃርያ መደበሮም ዝነበረት ከንያ፣ ብኮለነል ጠዓመ (መቀለ) ትምእከል፣ ሎሚ ብጉዳይ ሶማል ዝተላዕለ፣ ምስ መንግስቲ ከኒያ ኣብ ዘይም'ቕዳውን ዘይምትእምማን ስለዝተበጽሐ፣ ከም ሳዕቤኑ'ውን ከም ኣብ ብዓል ታንዛንያ፣ ዛምቢያ፣ ደቡብ ኣፍሪቃን፣ ደቡብ ሱዳን ዝነበረ ንኡስ መናሃርያታት እዉን ስለዘስግኦም፣ ሎሚ ዓቢ ናብ ኵሉ ንጥፈታቶም ኣብ ኣፍሪካ ዘዋፈሩሉ መናሃርያ፣ ኣብ ሃገር ኣንጎላ እናተጠቃለለ ይመጽእ ኣሎ።

ንአንጕላ ዘምረጸ ድማ፣ ኣንጎላ ብሃብቲ ማዕድን ኣዚ.ያ ሃብታምን ብቅልጡፍ እትምዕብል ዘላን ሃገር ብምዃና ጥራይ ዘይኮነ፣ እቲ ሃብቲ ማዕድንን ካልእን፣ ኣብ ቁጽጽር ናይ ቺይናውያን ነጋዶ ስለእትርከብ እውን ኢ.ዩ። ስለዚ. ኣንጎላ ንአቦ መንበር ህግደፍ፣ ናይ ስርቒ ሃብቲ ዝሓብኣላን፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ቺይናን ስለዘላ፣ ካብ ናይ ምዕራባውያን ኢ.ድ ነጻ ንምዃኑን፣ ንኡኡ ድርብ ውሕስና ስለ ዘለዎ ኢ.ዩ። ካብ ህዝቢ. ዝሰረቆ ንብራትን ኣብ ናይ ቻይናውያን ፋብሪካታት ዘፍሰሶ ገንዘብን ናይ ህይወቱን ውሕስና!! “ኣብኣላ/ኣንጎላ”

እቲ ንብረትን ገንዘብን ግን ኣብ አንጎላ ብኤርትራዋን ነጋዶ ዘንቀሳቕሰ ዘሎ ጥራይ እውን አይኾነን፣ ኢ.ሳያስ ንዕኡ መንበሪኡ ዝኸውን እዉን፣ ብብዙሕ ሚልዮናት ዶላር ዝዉድእ ቢ.ላታት ይሰርሕ ከም ዘሎ፣ ካብቲ ናይ ህንጻ ተኳናተርቲ አህጉራዊ ትካል ሓቤሬታ ተረኺቡ ኣሎ። ካልእዉን በቶም እሙናት ዝብሎም ነጋዶ ዓዲ. ጣልያን፣ ኣብ ክልተ ቦታ ገዛውቲ ከምዝዉንን፣ ከምኡ እውን ፋብሪካታት ማርሞ ኣብ ፓርማን ፓለርሞን ኣብ ጀነቫን ከምዝውንን፣ ኣብ ደሴት ሳይፕረስ እውን ገዛውቲ ገዚ.ኡ ከም ዘሎ ግዱሳት ዜጋታት አረጋጊጾሙልና ኣለዉ።

## <u>ኩነታት ዉሽጢ. ሃገር</u>

ኣብ ዝሓለፈ እዋን ተሓቢ.ሩ ከም ዝነበረ፣ ሎሚዉን ኩናት ኣንጻር ነጋዶ ይቅጽሎ ኣሎ። በዚ. ተረኺ.ቡ ዘሎ ሓበሬታ መሰረት፣ ህግደፍ ንትካላት ንግዲ. እንዳባራት፣ ሆተላት፣ ድኳውንቲ፣ እንዳሻሂ.ታትን፣ ቤትብልዕን....ወዘተ ኮታ እቲ መሰረታዊ ኣገልግሎትን ዘድሊ. ሃላኽቲ አቕሑ ዘቅርባ ዝነበራ ትካላት፣ ነቲ ዝተሰለዓልኹም ናይ ቀረጽ ገንዘብ አየማላእኹምን ብዝብል ምስምስ፣ ናይ ንግዲ. ፍቓዶም ኣሕዲጉ ብቀጥታ ንክዕሸግ ኣዚዙ ይርከብ። እዚ. ዘግብሮ ዘሎ ድማ ዘይጸዓረሉ ሃብቲ ኣብ ትሕቲ እቲ ስስዑን ብሓትን ውልቃዊ ዋንነት ንከእትዎ ስለ ዝመደበ ምዃኑ ርዱእ ኢ.ዩ። ነዚ. ኣብ ግብሪ ንምውዓል ድማ ኢ.ዩ፣ ነቲ ኣብ ውሽጢ. ዘሎ ዝተፈላለየ ብሕታዊ ትካላት ንግድን ዘካይዱ ደቂ ሃገር፣ ናይ ምዕሻግን ምውራስን ስጉምትታት ዝወስደሎም ዘሎ።

ኩነታት ዉሽጣዊ ሃገርና ካብ ዝከፍኤ ናብ ዝባኣሰ ይከይድ ከምዘሎ ንኩሉና ብሩህ ኢ.ዩ። ሎምስ እቶም ካብ ወጻኢ. ክበጽሑ ዝመጹ ዜጋታትዉን፣ ብኩነታት ሕሰም መነባብሮ ህዝብናን ቁጠባዊ ዉድቀት ሃገርና ክሓስቡን ከስተንትኑ ክንርኢ.ዩም ንዉዕል ኣለና። እዚ. ምረትን ሕሰምን ናብራ፣ ናይ ገጹ ከምዘምርሕ ንህግደፍ ዓቢ. ሻቁሎት ኣሕዲ.ሩሎም ይርከብ።

እቲ እንታይ ግዱ ኣቦመምበር ህግደፍ ግን፣ ኩነታት ኣዚ.ዩ ሓሚቑ፣ ኤርትራዊያን ዜጋታት ባኒ ንምርካብ፣ ኣብ ጽርጊ.ያ ተሰሪዖም እናሓደሩ፣ ንሱ ግን ኤርትራ እሾኽ ኮይናቶ ኣብ መገሻ ዘሕልፎ ዘሎ ጊዚ.ኡን ዘባክኖ ገንዘብን ንኣዳም ገረሞ!! እዚ. ኩሉ ናይ ኣየር ጉዕዞ፣ ካበይ ዝመጸ ገንዘብ ይኽፍሎ ኣሎ??? ህዝቢ. ኤርትራ ብደቂቕ ክጸባጸቦ ይግባእ!!! ንኣብነት ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት፣ ኣቦመምበር ህግደፍ ኣብ ሱዳን ቀንዩ ንኤርትራ ምስተመልሰ፣ እንደገና ብዘይ ወግዓዊ ዕድመ ኣብ ብራስልስ በጺ.ሑ ንኤርትራ ተመልሰ። ቀጺ.ሉ ምሳሕ ተመሲ.ሑ፣ እንደገና ንዱባይ ከይዱ ከምዝሓደረ ነረጋግጸልኩም። እዚ. ኩሉ ናይ ኣየር ጉዕዞ፣ ናይ ሓደ ነጋዳይ ንጥፈታት እምበር፣ ናይ ሓደ መራሒ. ክከዉን ብማንም ተኣምር ኣይክእልን። እዚ. ኩሉ ዘነጽሮ ግን፣ ኣቦመምበር ህግደፍ ንኤርትራ ከም ናይ ብሕቱ ትካል ቆጺ.ሩ፣ ብስዉር ጉዕዞ ካብ ህዝቢ. ተከዊሉ፣ ሕቡእ እጀንድኡ ንምትግባር ምዃኑ፣ ኩሉ ዜጋ ክነቅሓሉ ይግባእ!!!

ክቡራን ዜጋታት፣ ናይዚ. ፋሺስታዊ ፖሊሲ. ህግደፍ ሳዕቤን፣ ንኤርትራ ኣብ ሓደገኛን ተሃዋሲ. ኩነታት ከይፈጥር ዝሰግኡ ሾመንተ ኣባላት ካቢ.ነ፣ “እዛ ሃገር ብከምዚ. ክትምሓደርን ክትምራሕን አይትኽእልን ኢ.ያ፣ ስለዚ. ሜላ ንቀይር” ዝብል መልእኽቲ፣ ንአቦመንበር ጋንታ ህግደፍ ብስቱር ደብዳቤ ጽሒ.ፎሙሉ ኣሎዉ።

እዚ ሕጂ ኣብ ዝልዓለ ጽፍሒ መሪሕነት ተቀልቂሉ ዘሎ ናይ ፖሊስ ፍልልይ፡ ምስቲ ኣብያ ጀነራላት ንኩናት ተወሲኩ፡ ህግደፍ ኣብ ከቢድ ደልሃመት ተሸሚሙ ይርከብ። እዚ መድረክ፡ ደግሲ ናይቲ 18 መስከረም 2001 ተረኽቦ ዝድገመሉ ኵነት ኢዩ ዝመስል ዘሎ። እዚ ሕጂ ዝንቀሳቀስ ዘሎ ጉጅለኸ፡ ፍታሕ ኣብ ምርካብ ተርኡ ክጻወት ዲዩስ ወይስ ከም ኣባጊዕ ንዒራዒሮ ከምርሕ ኢዩ?????????????

## *መደምደምታ*

ኣቦመንበር ጋንታ ህግደፍ እንታይ ስለ ዝዓለመን ዝመደበን ኢዩ? ምስ ህዝቢ ኤርትራ ኮነ ምስ ጐረባብቲ ሃገራትን ኣብ ቀጥታዊ ውግእ ተሸኺሉ ዝርከብ ዘሎ? ከምቲ ኣብ ሕሉፍ ጽሑፋትና ዝሐበርናዮ፡ ሕጂ እውን ብዝከፍኤ መልኽዑ አህዛብ ኣባኢሱን ሓዊ አጉዱን አተሃዳድማ ዕቡያት ንክሃድም ስለ ዝወሰነ እዩ። ስለዚ ኣብ ዉሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዘለኻ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ምብርዓን ናይዚ እኩይ ዉጥን፡ ተራካ እንታይ ኢዩ???

ክቡራን ዜጋታት፡ ንሕና ግንባር ምንቅስቃስ ህዝቢ ኤርትራ፡ ህዝብን ሃገርን ንምድሓን እንክእሎ ዘበለ ኣብ ምትግባር ካብ ንዋፈር ሓያሎ እዋናት ሓሊፉ ኣሎ። ሕጂ እውን ኤርትራዊ ሓላፍነትና ተሰኪምና፡ ኣብ ኵሉ ግንባራት ሰፍ ዘይብል መጥቃዕቲ ኣብ ሊዕሊ እቶም ጸረ ህዝብን ሃገርን ባእታታት ህግደፍ ክንወስድ ጸኒሕናን ኣለናን።

ዕላማና ህዝብና ንምድሓንን ቅዋማዊትን ዲሞክራሳዊት ኤርትራ ንምህናጽን፡ ኣብ ብልሒ መላጸ ደው ኢልና ስራሓትና ኣብ ምስልሳል ንርከብ ኣሎና። ስለዚ ነዚ መጻይ ደም ህዝቢ ኤርትራ፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ መሬት ኤርትራን እጥፊእና፡ ኣብ ናይ ታሪክ ጉሓፍ ንክንድርብዮን፡ ብመንጽሩ ድማ ሰላምን ርግአት ዝሰፈና ምዕብልቲ ሃገር ክንምስርትን ከምኡዉን ምስ ጐረባብቲ ሃገራትን፡ ዓለምን ኣብ ናይ ሰላም ፖሊሲ ዝተመርኰሰ ሰናይ ዝምድና ምምስራትን ኢዩ። ኤርትራ፡ ብቅዋም እትመሓደር ዲሞክራሲያዊት ሃገር ኮይና፡ ህዝብና ሙሉእ ሓርነቱን ነጻነቱን ዝጎናጸፈላ ሃገሩን ክንርኢ፡ ኩሉና እጅገና ሰብሲብና ንቃለስ!!!

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ!!!!

ግንባር ምንቅስቃስ ህዝቢ ኤርትራ
08/05/2007 ኤርትራ.